# 4ይ ምዱብ ኣኼባ ሓባራዊ ሽማግለ ሰ..ህ.ኤን ሰ.ዲ.ኤን

## ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ ሰ..ዲ.ኤን ሰ.ህ.ኤን
04.08.2009

ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፡ ብዕለት 31.07.2009ን፣ ከምኡ ውን፡ ብዕለት 03.08.2009 4ይ ምዱብ ኣኼባኡ ኣካይዱ።

ኣኼባ ሓባራዊ መሪሕነት፡ ብዛዕባ ሓባራዊ ናይ ረድዮ ፈነወ ንምጅማር ክግበር ዘለዎ ምድላዋት ዳህሲሱ። ከምኡ ውን፡ እቲ ካብ 7-9 ነሓሰ 2009 ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሓባራዊ ፈስቲቫል ብዝምልከት ክሳዕ ሕጂ ተገይሩ ዘሎ ምድላዋት እንታይ ምዃኑ ዝሕብር ጸብጻብ ሰሚዑ። ኣስዒቡ፡ ሓባራዊ ናይ መጽናዕቲ ሽማግለ ቈይማ፡ ስርሓታ ብህጹጽ ክትጅመር ወሲኑ።

ብዛዕባ'ቲ ቅድሚ ጒባኤ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞናታት ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ናይ ኣባላት ኮንፈረንሳት ውን፡ መኣስን ኣበይን እንታይ ዛዕባታት ይቐርብ ዝብሉ ሕቶታት ኣልዒሉ ተመያይጡ።

ኣብ መንጎ መሰረታት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ዝካየድ ዘሎ ልዝባት ንምግምጋም፡ ሓባራዊ መሪሕነት ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣኼባ ክካይድ ወሲኑ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ቀሪቡ ዘሎ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ቅዋምን ጌና ዘይተማልኡ፡ ከም ናይ ኣርማን ካልኦት ጒዳያትን ከምዘለዉ ርእዩ። ኣብ ዝመጽእ፡ ኣኼባ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ድማ፡ ናይ ክልቲኡ ሰልፍታት ኵሉ ሸነኻዊ ጸብጻብ ክቐርብ ከምዘለዎ ወሲኑ።